**ሕግታት ብኩራት፣ ግቡእ ፍቓድ ከምኡ ከኣ ዕረፍት ካብ መደብ ኢንትሮ**

ብኩራት ኣብ መደብ ኢንትሮ ልክዕ ከምቲ ኣብ ስራሕ ናይ ብኩራት ሕግታት ዘሎ እቲ ዝበዝሐ ሕግታት ዳርጋ ከምኡ ኢዩ። እታ እንኮ ሓደ ዘይኮነት ድማ ብ ሰንኪ ሕማም ዘጋጥም ኩነታት ብከፊል ምስራሕ ኣይከኣልን ኢዩ። ነቲ ብፍቓድ ዝወሃብ ዕረፍቲ ዝምልከት ድማ እሞ ከኣ ካብቲ ናይ ስራሕ ሂወት ዘሎ ሕግታት ፍሉይ ዝኾነ ናቱ ናይ ገዛእ ርእሱ ሕግታት ኣለዎ ን መደብ ኢንትሮ ተሳተፍቲ።

ኣብ ዝሓመምኩምሉ ድማ ነቲ ምምሕዳር፣ መምህር ወይ ከኣ ኣብቲ ትኽድዎ ዘለኹም ናይ ስራሕ ቦታ ብዝቐልጠፈ ከም ዘይትመጹ ክትሕብሩ ኣለኩም። ብኩራትኩም ብቑዕ ምኽንያት ዘለዎ እንተኮይኑ ድማ ነቲ ደሞዝኩም ኣይቁረጸኩምን ኢዩ። ኣብ ግዜ ሕማም ዝምላእ ወረቐት እንተዘይ መሊእኩም፣ ወይ ምኽንያት ብኩራትኩም ብ ሰነድ ከተቕርብዎ እንተዘይ ክኢልኩም ብናይ ሓኪም ወረቀት፣ ወይ ከኣ ንዕረፍትኹም ፍቓድ እንተዘይ ተዋሂብኩም፣ ብመሰረት እቲ ብኩራትኩም ክንደይ መዓልቲ ወይ ሰዓታት ምዃኑ ተራእዩ ካብ ደሞዝኩም ይቁረጸኩም። ከምኡ ከኣ ሰነድ ዘይብሉ ብኩራት ወይ ከኣ ዘይብቑዕ ብኩራት ተባሂሉ ኢዩ ዝሕሰብ። ዘይብቑዕ ብኩራት ከኣ ነዚ ዕድል ናይ መደብ ኢንትሮ ከም ዝሕደገኩም ወይ መሰልኩም ከም ትኽስርዎ ይገብር። እዚ ማለት ድማ ደሞዝ የቋርጽ ከምኡ ከኣ መደብ ኢንትሮ ደው ይብል።

**ሕማም**

ብምኽንያት ሕማም ዝኽሰት ኩነታት ሕማም ወይ ማህረምቲ ወይ ማህሰይቲ ኮታስ ካብ ምስታፍ ከባኹረኩም ዝክእል ጉዳይ፣ ነቲ ናይ ሕማም ዝምላእ ወረቐት ኤገንመልዲን ዝበሃል እንተ መሊእኩም ወይ ከኣ ናይ ሕክምና ወረቐት እንተ ኣለኩም ካብ መደብ ኢንትሮ ከተዕርፉ ይከኣል ኢዩ። እዚ ዝምላእ ወረቐት ናይ ሕማም ድማ  ናብዞም ዝስዕቡ ብከምዚ ኣገባብ ሓሚምኩም ከም ዘለኹም ክትሕብሩ ይከኣል ኢዩ፣ ናብቲ ምምሕዳርኩም ኬድኩም ብ ቃል ወይ ብጽሑፋዊ መሰረት ክትሕብሩ ይከኣል ኢዩ፣ ቤት-ጽሕፈት ኢንትሮ፣ ኣማኻሪ ናትኩም ወይ ከኣ መምህርኩም።

• ነዚ ወረቐት ናይ ሕማም ዝምላእ መሰላትኩም ክትጥቀሙ እንተደኣ ኮንኩም ብውሕዱ 8 ሰሙን እዚ ማለት ክልተ ወርሒ ኣብ መደብ ኢንትሮ ዝተሳተፍኩም ክትኮኑ ኣለኩም። ብሰንኪ ሕማም ብኩራት እንተደኣ ኣጋጢምኩም እሞ ከኣ ክትሳተፉ ዘይትክእሉ እንተ ኮንኩም ኣብዘን ግዜያት ናይ ግድን ናይ ሕክምና ወረቐት ክተቕርቡ ኣለኩም።

• ነዛ ትምላእ ወረቐት ኣብ ግዜ ሕማም ድማ ከምኣ 4 ግዜያት ኣብ ውሽጢ ናይ 12 ኣዋርሕ ክትጥቀሙ ትክእሉ ኢኹም። ሓንቲ ትምላእ ወረቐት ክሳብ ሰለስተ መዓልቲ ብሕማም ምኽንያት ክትጥቀሙላ ይከኣል።

• ካብ 3 መዓልቲ ንላዕሊ እንተ ሓሚምኩም ድማ ግዴታ ናይ ሕክምና ወረቐት ክህልወኩም ኣለዎ። ከምኡ ከኣ ነዛ ትምላእ ወረቐት 4 ግዜ እንተ መሊእኩማ ኣብ ውሽጢ ናይ 12 ኣዋርሕ ዘሎ ግዜ ካልእ ክትውስኹ ስለ ዘይከኣል ብከምዚ ምኽንያት ካብ ሕክምና ወረቐት ከተምጽኡ ኣለኩም።

ሓደ ወይ ክልተ ቆልዑ ንዘለዎም ድማ ደቆም ኣብ ዝሓምሉ ግዜ ክሳብ 10 መዓልቲ ዕረፍቲ ይግበኦም ኣብ ውሽጢ ናይ 12 ኣዋርሕ ግዜ ማለት ኢዩ።

ልዕሊ ክልተ ቆልዑ እንተ ኣለውኹም ድማ ክሳብ 15 መዓልቲ ዕረፍቲ ካብ ምስታፍ ማለት ኣብ ውሽጢ እዘን 12 ኣዋርሕ ምስ ዝኸውን ካብቲ መደብ ዕረፍቲ ክወሃበኩም መሰል ኣለዎ፣ እዚ ድማ ኣብ ግዜ ሕማም ናይቶም ቆልዑ ምስዝኸውን ኢዩ።

ኣብ ምዕባይ ቆልዓ ንበይኑ ዝኾነ ሰብ ድማ፣ ክሳብ 20 መዓልትታት መሰል ኣለዎ ሓደ ወይ ክልተ ቆልዑ እንተ ኮይኖም፣ ብዙሓት ቆልዑ እንተደኣ ኮይኖም ድማ 30 መዓልቲ ይፍቀድ ዕረፍቲ ነቶም ወለዲ ምስ ደቆም ክኾኑ።

ሓደ ነባሪ ሕማም ዘለዎ ቆልዓ ወይ ኣካለ ስንክልና ዘለዎ እንተኮይኑ ድማ፣ እዚ ማለት እቲ ወላዲ ብዙሕ ብኩራት ካብ ምስታፍ ኢንትሮ ፕሮግራም ክህልዎ ዘለዎ ተኽእሎ ብዙሕ ኢዩ፣ በዚ ምኽንያት ድማ ክሳብ 20 መዓልቲ ፍቑድ ብኩራት ዝኾነ መሰል ኣለዎ ኣብ ውሽጢ እዘን 12 መወዳእታ ኣዋርሕ። ኣብ ምዕባይ ቆልዑ ንበይኑ ንዝኾነ ወላዲ ድማ፣ ክሳብ 40 መዓልቲ ይበጽሕ እቲ ምብዝሑ።

ኣብ ገለ እዋናት ድማ ካብቶም ክልተ ወለዲ ሓደ ወላዲ ንበይኑ ዘዕቢ ወይ ውላዱ ዝኣሊ ተባሂሉ ዝሕሰበሉ ግዜያት ኣሎ፣ እዚ ድማ እቲ ሓደ ኣካል ወላዲ ብሕማም ዝተጠቕዐ ወይ ኣካለ ስንክልና ዘለዎ፣ ወይ ኣብ ሕክምና ጥዕናዊ ጽገና ወይ ክንክን ዝግበረሉ ወይ ተመሳሳሊ ኩነታት ዘለዎ ውላዱ ክኣሊ ስለ ዘይክእል ኢዩ።

እዘን ዝተጠቕሳ መሰላት ውን ነቶም ቆልዑ ዝሕልዉ ኣብ ክንዲ ወለዶም ኮይኖም ኣብ ዝሓምሉ ግዜ ይምልከቶም ኢዩ።

እቲ ብኩራት ልዕሊ ሰለስተ መዓልቲ ምስ ዝኸውን ድማ እቲ ምምሕዳር ሰነድ ከተቕርቡ ክሓተኩም ይክእል ኢዩ። እዚ ከኣ ብሰንኪ ናይ ቆልዓ ሕማም ወይ ከኣ ናይቲ ሓለውቲ ቆልዑ ሕማም ምስ ዘጋጥም ኢዩ። በዚ መሰረት ናይ ሓኪም ወረቐት ከቕርቡ ኣለዎም።

## ፍቑድ ዕረፍቲ ካብ መደብ ኢንትሮ

*ዕረፍቲ ብምኽንያት ናይ ጥንሲ*

ነብሰጾር እንተኮንኪ ድማ ዕረፍቲ ካብ መደብ ኢንትሮ ክትወስዲ መሰልኪ ኢዩ። ኣብ ግዜ ክንክን ጥንሲ ድማ ዕረፍቲ ክወሃበኪ ምስኡ ከኣ ደሞዝ ካብ ኢንትሮ እንዳ ወሰድኪ ክትከዲ ይከኣል ኢዩ እዚ ግን ድሕሪ ሰዓታት ናይ ኢንትሮ ቆጸራ ክትረኽቢ ዘይትክእሊ እንተ ኮንኪ ኢዩ ነዚ ቆጸራ ን ክንክን ናይ ጥንሲ ትገብርዮ። ኣብ ግዜ ጥንስኺ ድማ ን 10 መዓልቲ ዕረፍቲ ክትረኽቢ ይከኣል ኣብ መደብ ኢንትሮ እንክለኺ።

*ግዜ ምጥባው*

ቆልዓ ተጥብዊ እንተ ኮንኪ ድማ፣ ኣብቲ መጀመርያ ዓመት ናይቲ ቆልዓ መዓልታዊ ሓንቲ ሰዓት ነጻ ትፍቀደኪ ምእንቲ ቆልዓ ከተጥብዊ ምስኡ ከኣ ደሞዝ ናይ ኢንትሮ ከይተቆረጸ ትኽፈሊ።

## ፍቓድ ብዘይ ደሞዝ ኢንትሮ ኣብ ግዜ ሕርሲ ከምኡ ከኣ ኣብ ግዜ ምርዓም

ድሕሪ ወሊድ ማለት ሕርሲ እቶም ወለዲ ኣብ መደብ ኢንትሮ ዝሳተፉ፣ ን ቆልዑ ከዕብዩ ተባሂሉ ዝወሃብ ዕረፍቲ ኣሎ ብ ፍቓድ ክሳብ 10 ኣዋርሕ ብጠቕላላ ነቲ ቆልዓ ግዜ ይወሃብ እዚ ከኣ ኣብቲ መጀመርያ ዓመት ሂወት ናይቲ ቆልዓ ኢዩ።

ነቶም ቆልዑ ከዕብዩ ዕረፍቲ ዝተወሃቦም ድማ ብሰንኪ ሕርሲ ወይ ከኣ ምርዓም፣ እቲ ምምሕዳር ንዕኦም ብዝግባእ ምክትታልን ከምኡ ከኣ ትምህርቲ ቋንቋ ናይ ኖሽክ ወይ ከኣ ዝኾነ ካልእ ቋንቋ ክላመድሉ ዝክእሉ ክዳልወሎም ኢዩ። እቲ ዕድል ብምምሕዳር ዝዳሎ፣ ቆልዓ ካብታ ኣርባዕተ ወርሒ ዝመልኣላ ኣትሒዙ ወለዶም ነዚ ዕድል ክረኽቡ ንዕኦም ብዝጥዕም መንገዲ ኢዩ ክዳልወሎም።

ኣብ ግዜ ምርዓም ምስ ዝኸውን ድማ እዚ ማለት ናይ ካልኦት ቆልዑ ምዕባይ ማለት ኢዩ፣ እቶም ስድራ ኣብ መደብ ኢንትሮ ተሳተፍቲ እንተ ኮይኖም ክሳብ ዓሰርተ ወርሒ ዕረፍቲ ይፍቀዶም፣ እዚ እቶም ቆልዑ ትሕቲ 15 ዓመት ምስ ዝኾኑ ኢዮም።

ክልቲኦም ወለዲ ኣብ መደብ ኢንትሮ ተሳተፍቲ ዝኾኑ ድማ 75 መዓልቲ ዕረፍቲ ነቲ ሰብኣይ ኣለዎ ከምኡ ከኣ 75 መዓልቲ ነታ ሰበይቲ ኣለዎም ነቲ ዝተወልደ ቆልዓ ፍቕሪ ወላዲ ክህብዎ። ሰብኣይ ድማ ነዘን ዕረፍቲ እንተ ዘይተጠቂሙለን ዕድል ካልእ ስለ ዘይብሉ ይኸስረን ኢዩ። ካልእ ሕድገታት ድማ ኣሎ ንሱ ድማ ኣቦ ነቲ ቆልዓ ብሰንኪ ጥዕናኡ ክሕዞ ዘይክእል እንተ ኮይኑ ብሰንኪ ሕማም ወይ ማህረምቲ ወይ ከኣ ኣብ ሕክምናዊ ስፍራ እንተ ዝቕመጥ ኣልዩ ቆልዓ ክኣሊ ስለ ዘይክእል እቲ ቆልዓ ግዴታዊ ሓገዝ ካብ ኣደ ከድልዮ ኢዩ። እዚ ከኣ ብ ሕክምናዊ ወረቐት ክረጋገጽ ኣለዎ።

**ፍቓድ**

ደሞዝ እንዳ ተኸፈልኩም ናብ ካልእ ቆጸራታትኩም ክትከዱ ምእንቲ ናብቲ ምምሕዳር ኣቐዲምኩም ክትሕብሩ ኣለኩም። ንኣብነት ናብ ሓኪም ወይ ናይ ስኒ ሓኪም፣ ናይ ስራሕ ኢንተርቭዩ ማለት ቃለ መሕተት ወይ ተመሳሳሊ ዝኾነ። ከምኡ ከኣ ደሞዝኩም ከይተቆርጸ ዕረፍቲ ትረኽብሉ ኣጋጣሚታት ኣሎ ንሱ ድማ ውላድኩም መዋእለ-ህጻናት ክጅምር ከሎ ወይ ከኣ ትምህርቲ ክጅምር ከሎ፣ ኣብ ግዜ ሞት ናይ ቀረባ ስድራቤትኩም ምስ ዘጋጥምን ካልእን ወዘተ። ብዝያዳ ሓበሬታ ካብቲ ኣማኻሪ ናትኩም ክወሃበኩም ኢዩ።

ብምኽንያት ሕማምን ከምኡ ከኣ ወረቐት መሰነይታ ካብ ሓኪምን ውላድኩም ኮነ ንስኹም ነዊሕ ዝወስድ ወይ ብርቱዕ ሕማም ምስ ዘጋጥም ካብ መደብ ኢንትሮ ፍቓድ ክወሃበኩም ይክእል ኢዩ። እዚ ፍቓድ ብዘይ ደሞዝ ክሳብ ሓደ ዓመት ዝወሃበኩም ኢዩ።

***መዓልትታት ዕረፍትን በዓላትን***

ቀዳምን ሰንበትን ኩላህኩም ተሳተፍቲ መደብ ኢንትሮ ዕረፍቲ ኢዩ ዘለኩም።

እዘን ዝስዕባ መዓልትታት ብ ሃገራዊ ደረጃ ኣብ ኖርወይ ዕረፍቲ ዝፍቀደለን ኢየን ስለዚ ኩሉኻትኩም ተሳተፍቲ ኢንትሮ ነጻ ኢኹም፣ ዕለት 1 ን 17 ግንቦት፣ ሓዲሽ ዓመት ዕለት 1, ሓሙስ ጽግቦ፣ ዓርቢ ስቅለት፣ ጽባሕ ኣፋስጋ ዘላ ሶኑ፣ በዓለ ዕርገት፣ ጽባሕ በዓለ መንፈስ ቅዱስ ዘላ፣ ከምኡ ከኣ 1 ን 2 ን ጽባሕ ልደት ዘለዋ መዓልትታት።

ካልኦት ሃይማኖታውያን በዓላት እንተ ኣለኩም ካብዘን ሓባራዊ ዕረፍቲ ዝኾና፣ ኣብ ናይ ትምህርቲ ወይ ናይ ስራሕ ግዜ እንተ ውዒለን ነጻ መዓልቲ ክወሃበኩም ይክእል ኢዩ  ምስኡ ከኣ ደሞዝ ናይ ኢንትሮ ከይጎደለ ይወሃበኩም በዚ ምኽንያት ዕረፍት ናይ ሃይማኖታዊ በዓላትኩም። ነዚ መሰል ናይ ዕረፍት ክትጥቀምሉ ምእንቲ ናብቲ ምምሕዳርኩም ቅድሚ ናይ ክልተ ሰሙን ማለት 14 መዓልቲ ክተመልክቱ ኣለኩም።

***ዕረፍቲ***

ዓመታዊ 25 መዓልትታት ናይ ዕረፍቲ መሰል ኣለኩም። እቲ ዕረፍቲ መዓስ ክውሰድ ከም ዝከኣል ዝውስን ድማ ባዕሉ እቲ ምምሕዳር ኢዩ። ኣብ ግዜ ዕረፍትኹም ድማ ደሞዝ ናይ ኢንትሮ ክወሃበኩም መሰልኩም ኢዩ።